## ህግደፍ፡ ንኩሎም ኣባላት ሃገራዊ ኣገልግሎት ንዳግማይ ታዕሊም ይጽውዕ፡

ህግደፍ ንኩሎም ትሕቲ 50 ዓመት ኣባላት ወተሃደራዊ ኣገልግሎት ንዳግማይ ታዕሊም ንዊዓ ክወርዱ ኣዚዙ ክብል መርበብ ሓበረታ ዓዋተ ገሊጹ።እዚ ታዕሊም ንተሃድሶ ከምዝኾነን እቲ ጻውዒት ድማ ንኹሎም ኣብ ንጡፍ ወተሃደራዊ ኣገልግሎት ዘይጸንሑ ኣባላት ከዝምልከትን እቲ መርበብ ሓበሬታ ብተወሳኺ ሓቢሩ። በዚ መሰረት ድማ እቲ ጻውዒት ንኹሎም ካብ ቀዳማይ ዙርያ ክሳብ 14 ዙርያ ዝተዓለሙ ከምዝምልከት እቲ ዜና ገሊጹ።

እዚ ኸምዚ ኢሉ እንከሎ፡ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ከባቢ እቲ ዘሰሓሕብ ዶባት ኤርትራን ኢትዮጲያን ሰራዊትን ኣጽዋራትን የንቀሳቕስ ከምዘሎን ብፍላይ ድማ ኣብ ከባቢ ጾሮና- ምድፋእ ዋልታ ከበድቲ ኣጽዋራት የዕሪዱ ከምዘሎ እቲ ዜና ይሕብር። ኣብ ከባቢ ባድመ ይብል እቲ ዜና ብተወሳኺ፡ ታንክታት ከምዘንቀሳቐሰን ጸረ ነፈርቲ ኣጽዋራት'ውን ኣጻዊዱ ኸምዘሎ እቲ ዜና ይገልጽ። ህግደፍ ነዚ ምንቅስቓስ ሰራዊት ንሃገራዊ ልምዓት እዩ ዝብል ምኽንያት የቕርበሉ ከምዘሎውን ዓዋተ ዶት ኮም ብተወሳኺ ገሊጹ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ ኣብ ኣስመራ ጽዑቕ ግፋ ይካይድ ከምዘሎ ካብ ኣስመራ ዝመጹ ጸብጻባት ይሕበሩ።

## ኣብ ከተማ መቐድሾ መጥቃዕቲ ቦምብ ኣጋጢሙ፡

ኣብ ከተማ መቓድሾ ኣብ ዝተኻየደ መጥቃዕቲ ቦምባ ብውሑዱ 5 ሰባት ከምዝቐትሉ መርበብ ሓበሬታ ቢ.ቢ.ሲ ገሊጹ። እቲ መጥቃዕቲ ኣብ ባካራ ዝተባህለ ቀንዲ ዕዳጋ ናይታ ኸተማ ኸምዝተኻየደን በቲ ዘጋጠመ መጥቃዕቲ ድማ ኣርባዕተ ኣብ ናይ ጽሬት ስርሓት ተዋፊረን ዝነበራ ደቀንስትዮ ከምዝተቐትላ እቲ ዜና ሓቢሩ። እዚ መጥቃዕቲ ድሕሪ እቲ ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ እታ ከተማ ኣብ መንጎ ናይ መንግስቲ ፖሊስን ዕጡቓት ተቓወምትን ዝተገብረ ረጽሚ ከምዝተኻየደ እቲ ዜና ብተወሳኺ ሓቢሩ።